# ሙስልዩነትን ስጊንጢር ምህሮ ሳሚኤል ኣምሃ

ሰብ ቅድሚ ዝኣገረ ኣብ መራኸቢ ማዕከናት ወጺኡ ቅድሚ ምዝራቡ ነብሱ ኣብ መስትያት ክርእያ ኣለዎ።ብቀዳምነት ክሓቶ ዝግባእ ድማ ኣነ መን እየ፣ ካበይ መጺኤ፣ በየናይ መንገዲ ኣብ'ዚ በጺሔዮ ዘለኹ ደረጃ በጺሐ ኢሉ ንነብሱ ክሓታ ይግባእ። ብድሕሪኡ ኣብ ሓቀኛ ሰነዳትን መጽናዕትን ምርኩስ ብምግባር ናቱ ገምጋምን ርእይቶን ክህብ ጽቡቕ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዕለት 28-29/05/2022 ኣብ ድምጺ ኣሜሪካ ዶክተር በርሀን ሓደ ሳሚኤል ኣምሃ ዝተባህለ ሙሁር እየ ባሃሊ ብዛዕባ ጉዕዞ 31 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ክትዓት ኣካይዶም ነይሮም። ዶክተር በርሀ ኣዝዩ ሚዛናዊ ዝኾነ ገምጋም ከቕርብ እንከሎ፣ ሳሚኤል ግን ዘይተጻረየን ካብ ሓፈሻዊ መድያታት ከም ባዓል ጎጉል ዝሰነድዎ መርትዖታት ኢሉ ኣዳናጋሪ ሓበሬታ ኣቕሪቡ። እቲ ዝኸፍኤ ኣተሓስስብኡ ንልዑላውነትና ንምውሓስ ዝኸፈል መስዋእቲ ትርጉም ከም ዘይብሉን ንዑኡ ዘገድሶ ድማ ምክልኻል ልዑላውነት ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ዲሞክራስን ቅዋምን ዘይምትግባሩን ቁጠባዊ ምዕባሌን ምዃኑ ከይሓፈረ ሞጒቱ።

ኣብ ሓደ ሃገር ፖለቲካዊ ደሞክራስን ቁጠባዊ ዕብየትን ንክህሉ ሰላም ምህላዉ ቅድመ ተደላይነት ኣለዎ። ኣብ ሰላም ዘይብሉን ኩናትን ወረ ኩናትን ዘለዎ ሃዋህው ሓያል ቁጠባዊ ምዕባሌ ከተመዝግብ ከቢድ ጻዕሪ እዩ ዝሓትት። ዘረባ ሳሚኤል ግን ንዝመጸና ወራር ሸለል ንበሎ፣ ወረርቲ ዝበሉና ነተግብር እዩ ዝብል ዘሎ። ሳሚኤል ኣብ ዘረባኡ መንግስታት ናይ ህዝበን ሰላም ናይ ምውሓስ ሓላፍነት ኣለወን ይብል። ናይ ሰላም ውሕስነት ግን ከመይ ጌርካ ተረጋግጾ ንዝብል መፍትሒ የብሉን ወይ ድማ ኢድካ ንጸላእትኻ ምሃብ እዩ ምርጭኡ።

ኩሉ ሰብ  ከምዝፈልጦ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ኣብ ከባቢና ዝርከባ ሃገራት ዝመጾ ዝነበረ ወስታን ትኒዒትን ብውሕሉልን ህዱእን ሰላማዊ መንገዲ እዩ ከፍውሶ ዝጽዕር ነይሩ። ንኣብነት ኩናት ሓንሽ ብየመን ምስ ተላዕለ ኤርትራ ነቲ ብማሕረሰብ ዓለም ዝቀረበ ጻዊዒት ተቀቢላ እቲ ግርጭት ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ዝላዓለ ሱጉምቲ እያ ወሲዳ። መንግስቲ ኤርትራ ናይ ኩናት ባህግን ድሌትን ስለዘይነበሮ ድማ ዘይቁኑዕ ብይን ኣብ ልዕሊ ሃገርና ተበይኑ እንከሎ ምእንቲ ሰላም ዘይቅንዑነት ናይቲ ውሳኔ ተቃውሞኡ ብምቕራብ እቲ ጉዳይ ብሰላም  ከምዝዕጾ ጌሩ።

ብኣንጻሩ ኣብ'ቲ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘዳውቡ ቦታታት ብስርዓት ወያነ ሉዕላዊ መሬትና እንዳጠረሩን ንብረት ናይ ህዝቢ እንዳዘረፉን ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን እቲ ሓላው ወሰን ዝኾነ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ልዕሊኦም ዝውሰድ ዝነበረ ተጻብኦታት ናብ መንግስቶም ዘቕርብዎ ዝነበሩ ጥርዓን ብመንግስቲ ኤርትራ ዝዋሃቦም ዝነበረ መልሲ ዓቕሊ ግበሩ ጥራሕ እዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሸሞንተ ዝኣባላተ

ጋንታ ምስቶም ኣብቲ ከባቢ ዶባትና ዝነበሩ ሰራዊት ወያነ ክትረዳድኦም ምስ ከደት ረሺኖም ምስ ቀተልዎም ናይ መጀመርታ ቀሊል ግብረ-መልሲ ተዋሂቡ።

ስርዓት ወያነ ግን ኣቀዲሞም ንኩናት ምድላዋት ይገብሩ ስለዝነበሩ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝተፈጥረ ግርጭት ንምፍታሕ ዕድል ከይሃቡ ብኡንብኡ በቲ ናይ ሓሶት ፓርላሞኦም ብዕሊ ኩናት ኣዊጆም። ቀጺሎም ድማ ኣብ ሙሉእ ዶባት ናይ ኤርትራ ካብ ግንባር ቡሬ ክሳብ ዶብ ሱዳን ኩናት ከፊቶም ናይ ውግእ ነፈርቶም ድማ ናይ ኤርትራ ናይ ኣየር ክልል ብምጥሓስ ንርእሰ ከተማና ኣስመራ ደብዲቦማ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት መራሕቲ እንታይ እዮም ክገብሩ ዘለዎም? መንግስቲ ኤርትራ ዶባቱ እንዳተኸላኸለ ነቲ ናይ ወያነ ናይ ኩናት ኣዋጅ ብምኹናን ነቲ ኩነታት ዘተሃዳድእ ናይ ሰላም እማመ እዩ ኣቕሪቡ። ስርዓት ውያነ ምስ ኣሜርካ ውዲት ብምግባር ንኩሉ ጻዕሪ መንግስቲ ኤርትራ ዕሸሽ ብምባል ድሕሪ ደማዊ ኩናት ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ ተበጺሑ። መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ውሳኔ ተቀቢሉ ክተግብሮ ድልው እናሃለወ ስርዓት ወያነ ግን ክሳብ ውድቀቶም ብሳይቶቶም ኣሜሪካውያን ዝዋሃቦም መምርሒ ንምትግባር ንልዕሊ 18 ዓመት ንህዝብና ጅሆ ሒዞሞ።

ሳሚኤል ሓደ መንግስቲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ንዝተፈጥረ ግርጭት ክፈትሖ እንተዘይኪኢሉ ፈሺሉ እዩ ዝብል ግርምቢጥ ዘረባ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽክዎ መንግስቲ ኤርትራ ንክልተ ዓመት ይትረፍ ንሓንቲ ደቒቕ ውን ናይ ኩናት ድሌት ኣይነበሮን። እሞ እቲ ኩናት ኣዊጁ ለይትን መዓልትን ኣብ ልዕሌካ ዘወጣውጥ እንተኾይኑ እንታይ ክትገብር ኣሎካ? ሉዕላውነትካ ኣሕሊፍካ ክትህብ ኢድካ ሂብካ ጻዕዳ ባንዴራ ክተልዕል ድዩ ዝደሊ ዘሎ?

ኤርትራ ተኸቢባ እምበር ኣይተዓጽወትን።ኢዳን እግራን ሒዛ ኣብ ዶባትን ድፍዓትን ኮፍ ኣይበለት። ካብ 2005 ወፍሪ ዋርሳይ ይካኣሎ ተኣዊጁ ሰራዊትን ህዝብን ብሓደ ኢዱ ጠመንጃ በቲ ሓደ ኢዱ ባዴላን ኣፍራዛን ናይ ልምዓት መሳርሕታት ዓጢቑ እዩ ሃገሩ ክሳብ ሕጂ ዝሃንጽ ዘሎ። ሕልሚ ወየንትን ምዕራባውያንን በቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝገበርዎ ወራርን እገዳን ኣብ ሓጺር ግዜ ተረኺሚሻ ክትበታተን እዩ ትጽቢቶም ነይሩ። ሳሚኤል እውን ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩ መንግስቲ ዝለዓለ ትምህርቲ ብነጻ ኣምሂርዎ።

ንብዙሓት በላሕቲ ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ከየቃልል ይቕረታ እንዳሓተትኩ ከም ሳሚኤልን ዓወት ዝኣመሰሉ ሕማቓት ተማሃሮ እዮም ታሪኽ ዝማሃሩ። እቶም በላሕቲ ናይ ታሪኽ ሙሁራት ናይ ሃገርምን ናይ ዓለም ኣገደስቲ ፍጻሜታት ክስንዱ እንከለዉ ከም በዓል ሳሚኤልን ዓወትን ዝተተምነየ ሓቕነትን ጭብጥን ዘይብሉ ታሪኽ የቃልሉ።

ሳሚኤል በቲ ካብ ጎግል ዝረኸቦ ናይ ዩኤንዲፒ(UNDP) ኣብቲ ንኤርትራ ዝምልከት ብዙሕ ሓበሬታ ዳታ ዘይብሉ ናይ HUMAN DEVELOPMENT INDEX ገምጋም ናይ ኤርትራመሰረት ንምዕባሌ ሃገርና ከነኣእስ እዩ ጺዒሩ። ብሓፈሻ ግን ዋላ በቲ ተሰኒዱ ዘሎ ዳታ ኤርትራ ካብተን ቅድሚኣ ልዕሊ 30-60 ነጻ ዝወጻ ሃገራት ብዙሕ ፍልልያይ ናይ

ምዕባለ የብላን። ንኣብነት ኢትዮጵያ .485 ሱዳን .510 ናይጀርያ .539 ደቡብ ኣፍሪቃ .705 ኤርትራ ሃገርና ድማ ኣብቲ ሙሉእ ሓበሬታ ዘይብሉ ዳታ .459 ተመዝጊቡ ኣሎ። ምስ ዕድመን ዘንነፉ ተደጋጋሚ ኩናትን ብዓበኢ ድማ ኤርትራ ኣብ 1991 ከም ሃገር ክትብገስ እንከላ ትሕቲ ዜሮ ዋላ ሓንቲ ትሕተቅርጻ ዘይነበራ ሃገር እያ ።

ናይ ሰብኣዊ ምዕባሌ መዓቀኒ(Human Development Index) መለክዒ ሰለስተ ነገራት እዮም።

1- ዕድመ ወዲ-ሰብ ኣብ ምንታይ ደረጃ ይርከርብ
2- ናይ ትምህርቲ ዕቤት
3- ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት Gross national income (GNI)per capita

ሳሚኤል ከም ናይ ታሪኽ ተማራማራይ እየ ባሃሊ ነታ ቀዳመይትን ካላኣይትን ኣብ ኤርትራ ቁሩብ ለውጢ ጥራሕ ከም ዝተገብረ ኣናኣኢስወን ሓሊፉ። ብዛዕባ እታ ሳልሰይቲ ግን ፈጺሙ ክጠቕስ ኣይደለየን ብሓፈሻኡ ግን ዋላ ሓንቲ ምዕባሌ ከምዘየለ ሓቢሩ።

ቀዳማይ ብዓይኒ ሓቂ ኣብ ኤርትራ ዕድመ ናይ ወዲ ሰብ ኣብ 1991 ብገምጋም ሰብ ዝጸንሓሉ 48 ዓመት ነይሩ። ካብ 2015 ንድሕሪት ግን ገምጋም ዕድመ ወዲ ሰብ ኣብ ኤርትራ 67 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ዳርጋ ናይ ኣርባዓ ሚኢታዊት ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ። ኣብ'ዚ ምስተን ገለ ገለ ሃገራት ከነወዳድሮ እንከለና ንኣብነት ኢትዮጵያ 1971 ዕድመ ሰብ 43 ነይሩ ሕጂ ድማ 66.6 ኣሎ። ናይጀርያ 1971 41.39 ዝነበረ ሕጂ 55.02 ኣሎ። ሱዳን 1971 52.6 ዝነበረ ሕጂ 65.5 ኣሎ። ምስሪ 1971 52.48 ዝነበረ ሕጂ 72.15 ኣሎ። እዘን ዓበይትን ቡዙሕ ባህርያዊ ጸጋ ዘለወን እሞ ልዕሊ 30 ዓመት ቅድሚ ነጻነት ኤርትራ ዝነበረን ምስ ናይ ኤርትራ ምስቲ ኩሉ ኩናትን እገዳን ዘጋጠማ ክወዳደር እንከሎ ኣብ ኤርትራ እንታይ ይስራሕ ከም ዘሎ ክበርሃልና ይኽእል።

ካልኣይ ትምህርቲ ብዓይነትን ብዝሕን ኣብ መብዛሕትኡ ካብ 300- 600 ፐርሰንት እዩ ወሲኹ። ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ክጽሕፍን ከንብብን በቂዑ ኣሎ። ብዙሕ ዝተርፈና እኳ እንተሎ እቲ ጸዕርን ምምሕያሽን ቀጺሉ ኣሎ። ብፍላይ ናይ ድሕረ ምረቃ መንግስቲ ቅድሚ ሕጂ ኣስታት 600 ዝኾኑ ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎም ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ክመሃሩ ሰዲድዎም ብናይ ሓሶት ምስምስ ብዙሓት ተመሊሶም ንሃገሮም ከየገልግሉ ጠሊሞም። እዚ ሕጂ ናይ በዓል ሳሚኤል መቀጸልታ ናይ ከምዚ ጥልመት ኣብ ክንዲ ንሃገርካ ምግልጋል ምስምስ ፈጢርካ ንዝሰርሕ ምውንጃል ናይ ከዳዓት ባህሪ እዩ።

እቲ ዘገርም ሳሚኤል ካልኣይ ደረጃ ወዲኦም ናብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ናይ ስልጠና ማእከል ዝኸዱ ባዕሉ ኣብ'ቲ ዳታ ኣሎኒ ኢሉ ኣቕሪብዎ ዘሎ ካብ 238000 ተማሃሮ 58000 ጥራሕ እዮም ከይዶም ኢሉ ከም መምዘኒ ኣብ ኤርትራ ትምህርቲ ፍሽለት ከምዘሎ ዝገልጽ ዘሎ። እቶም ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ዝኸዱ 25 % ማለት እዩ። ኣብ መብዛሕትኣን እተን ሙዕቡላት ሃገራት ከም ባዓል ኣሜሪካ ምስቲ ኩሉ ቁጠባዊ ሓይለን ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝሓልፉ 36% ጥራሕ እዮም። ኣብ ኣሜሪካ ይኹን ኣብ ዝኾነት ትኹን

ሃገር እቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ክቕጽል ዘይክእል ተማሃራይ ክም ርዱእ ኣብ ትሑት ስራሕ እዩ ዝዋፈር።

ዝኾነት ትኹን ሃገር ዝከላኸለላ ሰራዊት ክህልዋ ግድን እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰራዊት ድማ ሰራዊት ልምዓትን ምክልኻልን እዩ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓደ ካብ ውሕስነት ቀጻልነት ኤርትራ እዩ። ብርግጽ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ዝጀመርዎ ኣገልግሎት ሕጂ ቀወምቲ ሰራዊት ኮይኖም ነቲ ሃገር ዘምጽኤ ተጋዳላይ ተኪኦም ክሳብ ዝለዓለ ጽፍሒ ሓላፍነት ተሸኪሞም ነዛ ሃገር ዓንዲ ማእከል ኮይኖማ ኣለዉ። ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዝግባእ እተን ዝበዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ነዊሕ ዘገልገላ ዳርጋ 90 % ተፋንየን እየን፣ ብዙሓት ድማ ብጥዕና ካልእ ማሕበራዊ ጸገማትን ተፋንዮም እዮም። ዝነበረ 500 ናቕፋ ደሞዝ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሪፉ ሕጂ ከም ብቕዓት ካብ 1700-6000 ደሞዝ ንኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝነበሩ ይኽፈል ኣሎ። እዚ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይተማየሱ እንዳበልካ ዝግበር ጸለመ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ እዩ።

እዞም ሰራዊት ዋላኳ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ክቕጽሉ እንተዘይክኣሉ ኣብ'ቲ ዘለዎ ፍልጠቶም ንምዕባይ ብቀጻሊ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ይዋሃቦም እዩ። ብፍላይ ኣብ ሳዋ ተመሪቖም ናይ ኮለጃትን ማሞስን በጥቢ ዘየምጽኡ ናብ ሰራዊት ዝምደቡ ኣብ ፕሮጀችት ዓዲ ሃሎ ኣሽሓት መንእሰያት ዝተፈላለየ ናይ ተክኒክ ሞያ ስልጠናታት ይዋሃቦም እዩ። ከምኡ'ውን ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ባሕርን ኣዝዩ ብደረጃ ኮለጃት ዘመናዊ ስልጠና ይወስዱ እዮም።

ካልእ ብማሕበራትን ሚንስትርታትን ንቡዝሓት መንእሰያት ሞያኦም ዘዕብይሉ ስልጠናት ብቀጻሊ ይውሃብ ኣሎ። ኤርትራ ከም ሓዳሽ ሃገርን እሞ ትሕቲ ዜሮ ዝተበገሰትን፣ ብኹናትን እገዳን ዝተሳቀየት ሃገር እዚ ሕጂ ዘለዋ ደረጃ ክትሁሉ ዘሐብን እምበር ዘሕፍር ኣይኮነን። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ልዕሊ 30% ካልኣይ ደረጃ ዝወድኡ ተማሃሮ ዝላዓለ ትምህርቲ ይወስዱ እዮም።

እታ ሳልሰይቲ ሳሙኤል ኣቃሊልዋ ዝሓለፈ ጃምላኣዊ እቶት ኤርትራ ኣብ መጀመርታ ነጻነት ሓፈሻዊ እቶት(GNI) ኣስታት 200 ዶላር ነይሩ። ብመሰረት ጸብጻብ ናይ ውድብ ማዕከን ገንዘብ ዓለም ኣብ ዚ እዋን ኣስታት 750 ዶላር ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት (GDP) ልዕሊ 2100 ሕጂ በጺሑ ስለዘሎ ኤርትራ ካብ ትሑት ደረጃ ወጺኣ ናብ ማእከላይ ደረጃ ተሰጋጊራ ኣላ።

ከም'ቲ ኣቀዲመ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዎ ኤርትራ ተኸቢባ እምበር ተዓጽያ ደቂሳ እትሓድር ሃገር ኣይኮነትን። ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምስራሕ ዘይጽላእ እኳ እንተኾነ እቲ ናይ ሓባር ስራሕ ኣብ ማዕርነትን ሽርክነትን ክምርኮስ ኣለዎ። ከም'ዚ ሕጂ ምዕራባውያን ሃገራት ንናይ ሳልስ ዓለም ሃገራት ብዕዳን ዓንዲዳን ኣሲሮም ከደምቶም ክኾኑን ባህርያዊ ጸጋታት ናይዘን ሃገራት ተጋሕጒሖ ንረብሓ ምዕራባውያን ዝውዕል እንተኾይኑ ብሓባር ምስራሕ ትርጉም የብሉን። መንግስቲ ኤርትራ ድማ ንሃገሩን ህዝቡን ኣብ ዘርብሕ ምስ ቡዙሓት ሃገራት ጥቡቕ ዝምድና ኣለዎ። እቲ ንሕና ከም ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣይኮናንን ዘብለና ጽንዓትናን ጻዕርናን ሓደ ክንዲ ዓሰርተን ዕስራን ኮይና ክንሰርሕ ምኽኣልናን

ብዓቢኡ ድማ ነጻ ሕርያና እነተግብር ንሃገርና ከነገልግል እምበር ከይምቲ ናይ ካልኦት ዘይምኻና እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን ኩነታት ቁጠባ ጎረባብትናን ዓለምን ክንርኢ እንከለና መብዛሕትአን ኣብ ቁጠባዊ ቅልውላው ናይ ዕዳ ዋጋታት ምርግጋእ ዘይብሉ ኩነታት እየን ዘርከባ። ብፍላይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብተደጋጋሚ ብደርቅን ጥምየትን ይሳቀ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ግን ዝሓሸ ኩነታት እዩ ዘሎ። እዚ ካብ ምንታይ ዝመጸ እዩ? መንግስቲ ኤርትራ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታቱ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ልዕሊ ሽሞንተ ሚእቲ ዓበይትን ናኣሽቱን ድጋታት ስለዝሃነጸ እዩ።

ኣብ'ዚ ዝተሰርሐ ንኣሽቱ ዲጋታት ብሙሉኡ ህዝቢ ብቀጥታ ባዕሉ ዝጥቀመሉ እዩ። ኣብተን ዓበይቲ ሽድሽተ ዓበይቲ ዲጋታት ቀላ ናይ መንግስቲ ፕሮጀክትታት ይሃሉ፣ እቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ሕርሻኡ ክካይድ ንዑኡን ከብቱን ዝስተ ማይ መርሆ ዝሽፈተ እዩ። ከም በዓል ዲጋ ከርከብት እውን ካብ ሙሉእ ኤርትራ ዝመጹ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ሓረስቶት ናብርኦም ክካይዱ ብመንግስቲ ደገፍ ተገርሎም ኣብ'ዚ ቦታ ናይ ሕርሻ ናብርኦም ይመርሑ ኣለዉ።

ህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ሓረስታይ ስለዝኾነ መንግስቲ ኣተኩሮኡ ኣብ'ዚ ብምግባር ንሓረስቶት መሩጽ ዘርኢ፣ ትራክተራት፣ ናይ እንስሳን ቡቕልን መድሃኒታት ብዓቢኡ ድማ ካብ ንኡስ ዞባ ጀሚሩ ክሳብ ዞባ ናይ ሕርሻ ኪኢላታትን ሓካይምን ብዓቢኡ ድማ ካብ ንኡስ ዞባ ጀሚሩ ክሳብ ዞባ ናይ ሕርሻ ኪኢላታትን ሓካይምን ተመዲቦም ገጽ ናይ ኤርትራ ንምቕያር ሓያል ስራሕ ይካየድ ኣሎ። እዚ ድማ መንግስቲ ኣብ ትምህርቲ ዓቢ ወፍሪ ስለዝገበረ ኩሎም ዓይነት ኪኢላታት ዝተፈላለየ ደረጃ ዘለዎም ሓካይም፣ ኢንጂነርታት፣ ናይ ሕጊ መሁራት ካልኦትን ብምፍራይ ነታ ሃገር ዘድልያ ዉፉይ መንእሰይ ሕድሪ ኣያታቱን ኣቦታቱን እንዳወረሰን እንዳተከአን ይርከብ።

ከምቲ ምንያ ዝበለትካ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ውሑዳት 5 ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ሚለንዩም ምዕባሌ ሽቶ ዘመዝገበት ሃገር እያ። ሕጂ ድማ እቲ ዝቕጽል SUSTAINABLE DEVELOPMENT GOALS ንምዕዋን ቅያ ንምስራሕን ኣበርቲዓ ትሰርሕ ኣላ።

ዘገርም ሳሚኤል መንግስቲ ዝበለጸ ዕድል ሂብካ እንከሎ ናብ ስደት ኣምሪሕካ ብዛዕባ ስደት ክትዛረብ ዘሕፍር እዩ። ስለምንታይ ስደት ዝብል ንባዕሉ ዝኢፍ ኣርእስቲ እዩ፣ እዚ ድማ ዓለም ለኻዊ ተርእዮ እዩ። ኣብ ኤርትራ ግን ብውዱት ምዕራባውያን ዝተሃንደሰ እዩ። ሳሚኤል ኣብቲ እትነብረሉ ዘለኻ ዓዲ ናይ ክንደይ ሃገር ዜጋታት ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ካብ ባዓል ህንድን ቻይናን ምብራቕ ኤስያን ኣፍሪካን ኣይትርእዮምን ዲኻ ዘለኻ? ንስኻን ኩሎም ስደተኛታትን ንምንታይ ተሰዲድና ኢልካ ኣይትሓቶምን ዲኻ? ብዘኾነ ኤርትራ ቀላዒ ሓደ ሰብ ክሳድ ብዘይተደለ እንተኾነት እኹል ዓቕሚ ስብን ብዕጽፍታት ተራቢሖ ሃገሩ ከገልግል ደሊዉ ዝኾነ ተካኢ ወሎዶ ኣለዋ። ፍርቂ ምልዮን ዘይከውን ህዝቢ ዘለወን ሃገራት እንዳሰረሩ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ጉዕዛአ ክትቅጽል ዘኻቕል ኣይከኣለን፣ ቅሰን እንዳበልና ግን ብስደት ኣይትሸቐጥ።

ዕላማ ዲሞክራሲ እቲ ናይ መወዳእታ ሸትኡ ጡዑይ ምሕደራን ካብ ስርቅን ምጥፍፋእን ኣድልዎን ነጻ ዝኾነት ሃገር ንምፍጣር እዩ። እዚ ድማ ብዘይ ምዕራባዊ ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ዝተረጋገጸ እዩ። ከምቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እንዕዘቦ ዲሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ንፋሽን ተባሂሉ ዝግበር ኣይኮነን። እዚ ኣብ መብዛሕትኡ ሳልሳይ ዓለም ዝርኤ ብፋስን ጎዞሞን ጠያይትን ነንሕድሕዱ እቲ ሕብረተሰብ ዝፋለሰሉ ክኸውን የብሉን። ዕላማና እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ንስኻ እትሽቐጠሎም ዘለኻ ዝሰረትዎ ነጻ ሃገር ክትህልወናን ብሰላምን ሲኒትን እንነብረላ ሃገር ምህናጽ እዩ። እዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ዘረጋገጾን ሕጂ'ውን ንዝላዓለ ረብሓ ህዝብና ዝኸውን ደሞክራስያዊ ባይታ ዘጣጣሓሉ ዘሎ እዩ

ግርማይ የማነ 0[illegible]6/06/2022